ውድብ ሓድነት ኤርትራውያን تنظيم وحدة الإرتريين

ORGANIZATION OF ERITREAN UNITY

መግለጺ ሓዘን

ስርዓት ህግደፍ ባዕሉ ብዘሳበቦ ናይ ፌስቲቫላት ዳንከራን ምዝመዛን ብተባዓት መንእሰያት ኤርትራ ብዘየዳግም መልክዑ ፈሺሉ ኣሎ። ከም ውጺኢቱ ድማ ስርዓት ኢሰያስ ኣብ ዲፕሎማሲ ጥራይ ዘይኮነ ዝነበሮ ህዝባዊ ደገፍ ባይታ ዘቢጡ ይርከብ። እዚ ዘስዓቦ ናይ ቀቢጸ ተስፋ ንደናቁር ክፋል ሕብረተሰብ ድኹም ጎድኖም ብምምዝማዝ ንህዝቢ ሓድሕዱ ክናቆት ወጢኑስ ድሮ ኣብ እስራኤል ጀሚሩዎ ኣሎ። እዚ ድማ ስርዓታት ኣብ ናይ መጨረሽታ ዕምሮም ዘካይድዎ "ብድሕረይ ሳዕሪ ኣይብቆላ" ዝሕመረቱ እከይ ተግባር ኢዩ።

ዝኸበርካ ተቃላሳይ ህዝብና፡ እዚ ኣብ እስራኤል ኣጋጢሙ ዘሎ ሓደጋ ኣብ ካልኦት ሃገራት'ውን ናይ ቀቢጸ ተስፋ ዕሱባትን ደናቁርን ብምውፋር ክካየድ ከምዝኽእል ብምስትውዓል ተወዲብካ ነብስኻን ህወት ሕብረተሰብካን ኣውሕስ። ገበነኞታት ኣብ ሕጊ ቀሪቦም ግቡእ ፍርዶም ንክረኽቡ ከይተሓለልና ክንሰርሕ ይግባእ። እዚ ናይ ውዱቃትን ጃጀውትን ተግባር ካብ መገዲ ዓወትና ዘዐንቅፈና ኣይኮነን።

ሞትን ቅትለትን ካብ ስርዓት ህግደፍ እንጽበዮ እኳ እንተኾነ፡ ብሽለልትነትና ዕድል እንህቦ ስለዝበዝሐ ኣርሒቅና ብምጥማት ተወዲብና ክንገጥሞ ኣለና። ምስ ባህርያት ስርዓት ህግደፍ እታ እንኮ ምርጫና ብቓንቋኡ ገጢምና ምዕዋት ጥራይ ኢዩ።

ቃልስና ናብ ኤርትራ ብዝቀረብናሉ ርሕቀት እና ተረረ ከምዝኸይድ ከም ርዱእ ብምውሳድ ብወገና ድማ ዝያዳ እና ሓየልናን እነተረርናን ክንከይድ መድረኽ ቃልስና ይጠልበና ኣሎ። ንህዝባዊ ዓወት ዝኽፈል ዋጋ ፡ ክቡር ዋጋ ኢዩ።

ጽንዓት ንመላእ ቤተሰብን ፈተውትን!
ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንመዋቲ!
ክብርና ክምለስ ሓቢርና ንቃለስ!

ውድብ ሓድነት ኤርትራውያን
27 መስከረም 2023